# ካብ መጽሓፍትን ጽሑፉትን



መበል 16 ክፋል ናይ እነንብባ ዘሎና “ሓንቲ ጓል ኣፍቂረ” እትብል ንእሽቶ መጽሓፍ፡ ናይ ወልተር ትሮብሽ ትቕጽል።

## . . . . . . . መስከረም 18 - ....

ዝኸበርኪ ስሲል፡

ስሲል ኣይትብከዪ! በጃኺ ኣይት ብከዪ። ኣነ እርድኣኪ እየ፣ ኣጸቢቐ እኳ ደኣ ተረዲኣኪ ኣሎኹ። ኣይፋልክን! ኽትፈርሒ ድማ ኣየድልየክን እዩ። ምሳኺ ከለኹ ብፍጹም ክትፈርሒ የብልክን።

ሎሚ ናተይ በደል ምዃኑ ተገንዚበዮ ኣለኹ። መዕለሊ ዝኾነና ነገር ኣልዒለ፡ ክዛረበኪ እዩ ዚግብኣኒ ነይሩ። ግና ኽገብሮ ኣይከኣልኩን። ኣይገበርኩዎን ድማ። ከመይ ኢልኪ ከምዛ ዋዛ ሰላም ከም ዝበልክኒ ካብቲ ዘገረመኒ ሓደ ንሱ እዩ። ንሹሉ ከመይ ጌርኪ ኣዳሊኺዮ?

ሽው፡ ከምዛ ንዓይ ክትብሊ ኢልኪ ዝገበርክዮ፡ ኣብ ጐድነይ ኰፍ ኢልኪ። እዚ ካብቲ ቃላት ኺገልጾ ዚኽእል ንላዕሊ እዩ። ደጊምኪ ኸኣ ዓይንኺ ኣውዲ ቕክለይ፡ እቲ ተስፋይ ድማ መሊሱ ተሓዲሱ።

ሎም’መዓልቲ፡ ኣብ ክንዲ ዓንድታት ናይ ናሕሲ ምትካልሲ፡ ነደይ ኣብቲ ኣታኽልቲ ኣሕምልታ ኽሕግዛ ውዒለ። እሞ፡ ንሳ ድማ ብምግራም ጠሚታትኒ።

ናትኪ ፍራንስዋ

## . . . . . . . መስከረም 19 - ....

ዝኸበርካ ፍራንስዋ፡

እምብኣር ኣብቲ ናይ ካቶሊክ ቤተ-ክርስትያን ኬድኩም። ስሲል ጽቡቕ ሓሳብ ከም ዚህልዋ ኣቐዲመዶ ነጊረካ ኣይነበርኩን። ኣብ ኣፍሪቃ ሓደ መንእሰይ ንሓንቲ ከምኡ መንእሰይ ጓለ’ንስተይቲ ኼዕልላ ብሓቂ ከቢድ ነገር እዩ። እታ ቤተ-ክርስትያን ነዚ ነገርዚ እንተ ትሓስበሉ እሞ፡ ቅሩብ ኣቕልል እንተ ተብሎ ጽቡቕ ነይሩ።

ኣነ ኸኣ ክልቴኹም ነዛ ጊዜ እዚኣ ስለ ዝተሞከርኩምዋ ኣዝየ እሕጐስ። ኣብቲ ልብኹም ከመይ ዝበለ ስምዒት ከም ዝነበረኩም’ውን ኽግምቶ እኽእል።

ፍራንስዋ፡ ከቢድ ሕቶታት ናይ ምሕታት ብሓቂ ተፈጥሮኣዊ ዝኾነ ክእለት ህያብካ እዩ። እንተ ኾነ ግና፡ ምላሽ ናይ እቲ እተቐርበ ሕቶታት ምርካብ ከኣ ከቢድ እዩ። ጊዜ ደው ኣይብልን፡ እናኸደ ድማ ሕልፍ-ሕልፍ ይብል። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ክምልሰልካ ነዊሕ ጊዜ ይወስደለይ። ደሓር ድማ “ምስጢር” ስቱር ጉዳይ ከም ምዃኑ መጠን ኺግለጽ ኣይከኣልን እዩ። “ምስጢር” መወዳእትኡ ዘይብጻሕ፡ መጀመርትኡ ድማ ኺልለ ዘይከኣል፡ ሰንጢቕካ ኽትኣትዎ ጥራይ ዘሎካ ነገር እዩ።

ከምቲ ዝጽሓፍካዮ፡ "... ንኽልቴና ክልተ ኣካል፡ ሓደ ሰብ ከም ዝኾንና ኰይኑ ተሰሚዑና፡" ኢልካ። ሓደ ሰብሲ መዓስ እዩ መጀመርትኡ? ብግዳም ክርአ ከሎ ኣብ መዓልቲ ልደቱ ዚጅምር ይመስል። ቅድሚ ልደቱ ህይወት ከም ዘሎ ግና ርግጽ እዩ።

ህይወትከ መዓስ ይጅምር? ስነ ጥበብ ህያዋን (ባዮሎጂ) ከም ዚብሉዎ፡ ህይወት ኣብ ከርሲ ኣደ ብእዋን ጥንሲ ይጅምር። ኣብታ ድቂ ፈሊሙ ዚተበገሰላ እዋን፡ ህይወት ኣብኡ ኣሎ። ሽዑ ህላውነት ናይ ሓድሽ ሰብ ይጅምር። ግናኸ እዚ ሰብዚ ገና (ብዘይ መነጸር) ኣይተራእየን። ኣብ ማህጸን ኣዲኡ ክሳዕ ዘሎ እዋን ድማ፡ ናይ ማእከላይ ደረጃ ህላውነት ኣለዎ ንብሎ። እዚ ማለት "ሓድሽ ሰብ ኣብ መገዲ ኣሎ" ንብል ማለት እዩ።

እዚ ተምሳላዊ ርክብ ናይ ሕጸንን መርዓን እዩ። ህይወት ናይ ክልቴኹም ጀሚሩ ኣሎ። በታ ኣብታ ቤተ-ክርስትያን ብሓደ ዝነበርኩምላ ጊዜዶ እዩ ጀሚሩ? ኣቐዲሙዶ ኣይነበረን እዩ? እታ ኣብ ኣውቶቡስ እተራኸብኩሙላ እዋንዶ እዩ ጀሚሩ? ወይስ በቲ ድሕሪኡ ዝነበረ ናይ ደብዳቤ ምልውዋጥ ብእተግብረ ርክባት እዩ ጀሚሩ? እንታይ ኪብሃል ይክኣል? ምስጢር ኰይኑ ይጸንሕ። ካብ ሕጂ ጀሚሩ እዚ ሓድሽ ሰብ እዚ፡ እዚ ህያው ነፍሲ፡ ካብ ክልቴኹም ዚብገስ፡ ንኺውለድ ኣብ መገዲ እዩ ዘሎ።

ነዚ ኣብ መገዲ ዘሎ ነፍሲ ጊዜ የድልዮ። ከምቲ ሕጻን ኣብ ማሕጸን ኣዲኡ ብዘገምታ ዚዓቢ፡ እዚ ሓድሽ ሰብ እዚ ድማ ቀስ ኢሉ ኺዓቢ ይግባእ።

እዚ ብሓንሳእ ኴንካ ቀስ ኢልካ ምዕባይ፡ ብመዓልታት ሕጸ እዩ ዝኸውን። ኵሉ እቲ ዝሓለፍኩሞን ዘሕለፍኩሞን ተመኩሮ፡ ናብዚ ምዕባይ እዚ እዩ ዜምርሕ። እቲ ጽቡቕ፡ እቲ ኽቢድ፡ እቲ ደጊምካ ከም ብሓድሽ ናይ ምርኻብ ዘሎ ሓጐስ፡ ኣብቲ ምፍልላይ ዘሎ ምድፍናቕ፡ ኣብ ዕላልን ጸጥታን፡ ኣብ ምጽሕሓፍ ደብዳቤን መልሲ ምጽብባይን፡ ተስፋ ምግባርን ተስፋ ምቝራጽን - እወ፡ ከምኡ እውን ዜተዓናቕፍን ስቓይን፡ ኵሉ ነቲ ሓድሽ ሰብ ኪኸውን፡ ኪዓቢ፡ ኪበጽሕ ይገብሮ።

እዚ ዕብየት እዚ ግና ብስዉር እዩ ዚኸውን። ማለት ብዘይካ ክልቴኹም፡ ኣብ መንጎኹም ድማ ኣምላኽኩም፡ ከምኡ እውን እቶም ብእምነት ምስጢርኩም ዜካፈልኩምዎም ዘበሉ እንተ ዘይኰይኑ ካልእ ዚፈልጦ የልቦን።

ከምኡ ኸኣ መርዓኹም ጀሚሩ ኣሎ። ኣብ ግልጺ ግና ኣይበጽሐን። ከምቲ ሕጻን ኣብ ማሕጸን ኣዲኡ ዘሎ እሞ፡ ብመዓልቱ ድማ ዚውለድ፡ ኣብ መንጎ ኢኹም ዘለኹም። መርዓኹም ከኣ ኣብ መገዲ ኣሎ።

እታ ናይ ቃል ኪዳንኩም መዓልቲ፡ መዓልቲ ልደት መርዓኹም እያ። እቲ ሓድሽ ሰብ ንዓለም ዚግለጸላ እያ። ሽዑ ኵሉ ሰብ ይርእያ። መዓልቲ ሓጐስ ብላዕ-ዎ-ስተ ኰይኑ ድማ ንኹሉ ሰብ ይእወጅ። ደጊም ስዉር ኣይከውንን፡ ኣብ ግልጺ ወጺኡ ድማ ኵሉ ዚፈልጦ ይኸውን።

እዋን ሕጸ፡ "ንሓዳር እንተ ኾይኑልና ኽንፍትን" እትብለሉ እዩ። እዋን መርዓ ግና፡ ኣብ ቅድሚ ኵሉ ብግልጺ "መርመራ ጌርና ሓሊፍናስ፡ ከምቲ ዝደለናዮ ድማ ኾይኑልና" እትብልሉ ዕለትን ሰዓትን እዩ።

ብባህሪኡ፡ ከምቲ ቀልዓ ብምስክር ወረቐት ዘይውለድ፡ ከምኡ ደማ መርዓ ብምስክር ወረቐት ጥራይ ዚኸውን ዓይነት ጉዳይ ኣይኰነን። ነዚ ነገራት እዚ ግና ኽተቀናጽብዎ የብልኩምን። መርዓ ማለት ናይ ግሊ ኣይኰነን። እቲ ሕጋዊ ምምዝጋብ'ውን እንተ ኾነ ሓደ ክፍሊ ናቱ እዩ።

መርዓ ምሉእ ኪኸውን ኣብ ኵሉ ግሁድ ኪኸውን ይግባእ፡ ብሕጊ'ውን መሰሉ ዕቑብ ይኸውን። ሉተር "ሕቡእ መርዓ፡ መርዓ ኣይኰነን፡" ይብል። እምበኣር፡ በዚ ምኽንያት እዚ እዩ፡ እቲ ቃል ኪዳን፡ ኣብ ኵሉ ዘመናትን ኵሉ ዓሌታትን፡ መዓልቲ ሓጐስ ኰይኑ ዚውዕል።

እመነኒ፡ ነታ መዓልቲ ልደት መርዓኹም ንምርኣይ ናተይ ተመኩሮ ክኸውን እዩ እቲ ድልየተይ እሞ፡ ንኽጽሊ የበርትዓኒ። ኣነ ኸኣ እታ መዓልቲ እቲኣ ክትቀላጠፍ ብሓጐስ እቲ ዝከኣለኒ ዘበለ ኽገብር እየ። በዚ ምኽንያት ኣዚ ድማ እየ ንፓስቶር ኣሞጽ ዝጽሓፍኩሉ። ግና ካብኡ እትቐበልኩዎ መልሲ ገና የልቦን።

ትሮብሽ

. . . . . . . መስከረም 20 - ….

ትሕዝቶ ናይ ዝጸሓፍካያ ደብዳቤ ብብዙሕ መገድታት ኣተሓሳሲቡኒ። ንስኻትኩም፡ እቶም ኣብ ሃገር ኣመሪካን ኤውሮጳን ዘለኹም ማሕበራት እኳ ዘይትሕልዉዎ ክነስኹም፡ እቲ ንዓና ንኣፍሪቃውያን ቀይዳዊ መምሪሒ ቤተ-ክርስትያን ዘምጻእኩሙልና ግና ንስኻ ትኩም ኢኹም።

እቶም ምስዮናውያን ብእኡ ካብ ዚምርሑ፡ ኣንጻሩ እተሰምዔ ድምጺ ኣይነበረን። ሕጂ ግና ንሕና ኣፍሪቃውያን መራሕቲ ቤተ-ክርስትያናት ክንጥቀመሉ ኸሎና ትወቕሱና። ግና፡ ንሕናስ፡ ብሓቂ እቲ ዝመሃርኩምና ኢና እንገብር ዘሎና።

ካልእ ሰብ ዘየጋለጸ ነይሩ እንተ ዚኸውንሲ፡ ፍራንስዋ በቲ ዝፈጸሞ ሓጢኣትዶ ምተናስሐ ነይሩ ይመስለካ? ከምኡ እንተ ዚገብር እቲ ነገር ከኣ ኣብኡን ኣብታ ጓልን ጥራይ ተሪፉ እንተ ዚኸውን ነይሩ፡ ምናልባሽ ቅኑዕ ኣሎኻ ምበልኩ። ንሱ ግና ተቓሊሑ ምስ ተፈልጠ እዩ ዝተነስሐ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ኢና ምእንቲ ሓቅነት ናይ ምንስሑ ኽነረጋግጽ ገዲብናዮ ዘሎና። እቲ ንሽዱሽተ ወርሒ ድራር ጐይታ ንኽይካፈል ምእጋድና ኸኣ ናይ ምርግጋጽ እዋን ድኣ እምበር፡ ይቕሬታ ከም እተነፍጎ ንምሕባር ወይ ንምምልካት ኣይኰነን።

ኣብ ልዕሊ እዚ፡ እቲ ንእኡ ካብ ድራር ጐይታ ምግዳብና፡ ነቶም ካልኦት ደቂ ማሕበር ከም መጠንቀቕታ እዩ። በዚ ኣብነት እዚ ካልኦት ንዚገጥሞም ፈተና ኺስዕሩ ሓይሊ ይረኽቡ እዮም።

ንፍራንስዋ በዚ ቅጽዓት እዚ እንተ ዘየሕልፎ ነይረ፡ ንብዙሓት ናብ ፈተና

መምራሕኩዎም እሞ፡ ነዝን ወድኽምዝንሲ ኣይውዕሎን ድኣ። ነታ ማሕበር ጽርይቲ ገይረ ኽሕልዋ ሓላፍነት ኣሎኒ። ኣብ 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ንሰብ ቆረንቶስ ምዕራፍ 11፡27፡ “ስለዚ ከይተገብኦ እዛ እንጌራ እዚኣ ዚበልዕ ወይስ ጽዋእ ጐይታ ዚሰቲ፡ ንሱ ኣብ ናይ ጐይታ ስጋን ደምን እዩ ዚዕገብ” ይብል። እቲ ሓጢኣት ንህይወት እቲ ሰብ ጥራይ ዘይኰነስ ንብዘሎ እቲ ማሕበር ዜስግኦ እዩ።

በዚ ምኽንያት እዚ፡ እታ ማሕበር ንሓጢኣት ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ኽትቀጽዖ ትግደድ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ እግዚኣብሄር እውን ንሓጢኣት ከመይ ከም ዚቐጽዖ ንርኢ። ንጉስ ዳዊት እኳ ምስ ሰበይቲ ኡርያ ዝፈጸሞ ዝሙት፡ ድሕሪ እቲ ምንስሑ ብሞት ወዱ ተቐጺዑ እዩ። ሃናንያን ሰጲራን'ውን ከምኡ በቲ ዝፈጸምዎ ገበን ሓሶቶም ተቐዚፎም ሞይቶም እዮም (ግብ 5፡1-11)።

ኣነ ድማ ንመንእሰያት ኣፍሪቃ ዝያዳኻ ኣብሊጸ እፈልጦም እየ። ካብ መቕጻዕቲ ዝመልቁሉ መገዲ እንተ ኰይኑ፡ ብቐሊል እዮም ዝናዘዙ። እሞ፡ እዛ ትሕንጽጻ ዘሎኻ መገዲ ሓደገኛ እያ። እንተ ደኣ ናባኻ ጥራይ ምምጽኡ ንኸሉ ዘዐርዮ ኾይኑ፡ ብሓቂ ዋጋኣ ከቢድ ኣይኰነን፣ ሕስርቲ እያ። ነቲ ፈተና ኣብ ክንዲ እትጻረሮ ኸኣ፡ ደጊምካ ንክትፍጽሞ እትደፋፍእ ሓይሊ እያ።

በቲ ሓደ ኻልእ መገዲ ድማ፡ መቕጻዕቲ ናብ ናይ ሓቂ ነስሓ የብጽሕ። ንፍራንስዋ ዘይቀጻዕናዮ ኔርና እንተ ንኸውን፡ መን ይፈልጥ? ምናልባሽ ስለ እቲ ዝፈጸሞ ተግባር ኣይምተነስሐን ነይሩ ይኸውን። ናብቲ ዝነበሮ ቦታ ስርሑ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ተቐላጢፉ ኽመልሶ ዘይመ ኽኣልየይ ምኽንያት ድማ ንሱ እዩ።

እቶም መምህራንን ተምሃሮን ኵሎም እቲ ዝፈጸሞን ዝተፈጸመን ገበን ይፈልጥዎ እዮም። ካብ ስርሑ ዘይተፋነወ ነይሩ እንተ ዚኸውን ከኣ ነቲ ስርዓት ሕጊ ናይ እቲ ቤት ትምህርቲ መዳኸሞ ነይሩ።

ቀደም፡ ግብረ-ዝሙት ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኣፍሪቃውያን ሳሕቲ እዩ ዝነበረ። መቕጻዕቱ ድማ ከቢድ፡ ኣረ ገለ እዋንሲ ሞት'ውን ነይሩዎ። በቲ ስብከቶም ምስዮናውያን ንዝሙት እቲ ኣውራ ሓጢኣት ምኺኑ፡ ኣረ ብዘይክኡ ካልእ ሓጢኣት ከም ዘየልቦ ገይሮም እዮም ዚብሉዎ። እሞ፡ በዚ ኽምዚ ዓዛሚ ከም ዝኸውን ተገይሩ እዩ። በቲ ሓደ መገዲ ከይንቐጽዕ ኣጊዶምና። እሞ እንታይ ደኣ እዩ እቲ ዝግበር?

እቲ ኣቦኣ ከመይ ገይሩ ከም ዚምጕተና እፍለጠ ደኣ ኣምበር፡ ከምቲ ዝበልካዮ ናብቲ ሕርሻ ናይ ኣቦ ስሲል ከይደ ንኽበጽሖ ሕጕስ እየ። ንፍራንስዋ ምሳይ ክወስዶ ምፈተኹ እሞ፡ ኪበጽሓኒ እንተ ትነግሮ ሰናይ ነይሩ።

ፓስቶር ኣሞጽ

ቀጻሊ እዩ →

ኣድራሻዶ ቐይርና?
ሓበሬታ ንብስራት ኽንሰደድ ኣይንረስዕ።
besserat@Besserat.org
ወብ ሳይት ናይ ብስራት፡ Besserat.org